# አድሓኖም ንዓብደላ ተአምኖዶ?

ፖለቲካ ስሉስ ዓለም ኩሉግዜ ብጠርበሽበሽ::ሓዲ መራሒ አብ 5 ዓመት ዘይአክል 2 ውድባት ፈጢሩ እንታይ ውሕስነት አለዎ አብ ሳልሳይ ከምታ ድልየቱ ክሰልጦ::ምፍጣረን እኮ አይኮነን ጸገም:: እቲ ጸገም እተን ዝፈጥርወን ውድባት ብቅያሶም መቲሮም መዚኖም ክፈጥርወን ይደልዩ::እቲ መውድዕ ድማ ናቱ ዘይተጸበይዎ መገዲ የጋጥሞ ከምሳዕቤን ድማ ምፍንጫል ገጹ የምርሕ::እዚ ቃለመጠይቅ ናይ አቶ አድሓኖም ዘይረአዮ ሰብ የለን::ብሓጺሩ እቲ መልእኽቲ ናቱ :ናቱ ውድብ: ናቱ ሕዛእቲ «ከም ዓለሙ» ክውንን ይደሊ አሎ::እዋእ እቲ ዝቀደሜ እንታይ ኮይንካ:እቲ ዝቀደሜ ዘይተዔሪ:ክንደይ ውድባት ምፍጣር አሎ ዝብል ሕቶ ኩሉ ሰብ ብቀጻሊ ካብ ህዝቢ ስለዝመጽእ ነታ ትምስረት ሓዳስ ውድብ ዝሽውን መከላኸሊን መቀራረቢ ባይታ ንመጻኢ ዝጠቅማ ቃለ መጠይቅ ይመስል::እቲ ዘሕዝን ግን እዘን ወገወሒ ጸብሒ ዝቦቅላ ውድባትና አብ ልዕሊ ዲክታተር ብዝመዝገብኦ ቅያ ፍናን ለቢሰን ብንቡር መንገዲ ክንዲ ዝውለዳ:ንመሳርሕተን መላዝብተን ደርቂሰን አጥቂዔን ብኦፐረሽን ይውለዳ:: እቲ ግዳይ እዚ ዝኾነ አባል ድማ አብ 2 ጥራሕ ዘይኮነ አብ 3 ይምቀል::እቲ ሳልሳይ ሰብ ዘይዛረበሉ እቲ እዝኑ አውዲቁ ይትረፈኒ ኩሉ ዝብል ይኾውን:: እስከ ሕልፍሕልፍ ኢልና እዚ ዝቀረቤ ሓሳብ ሓዳስ ውድብ ንርአዮ::

እቲ ዘቕረቡዎ ርእይቶ፣ ኣብ ኣብቲ ዝቐዉም መሪሕነት 50% ኣስላም 50% ከኣ ክርስትያን ክኸውኑ ኣለዎም፣ ኢልና ክንሰማምየም ኣለና፣ ዝብልዩ ኔሩ። እዚ ርእይቶ'ዚ ነጺገዮ። እቶም ንዕኡ ዘቕረቡ ብጾት ካብ ቅንዕናን፣ ንሕና'ውን ቦታ ክንረክብ ኣለና ካብ ዝብልን እንተ ዘይኰይኑ፣ ካልእ ፖለቲካዊ ሓልክታት ዘለዎም ኣይኰኑን።

እዚ ዘቅረብዎ ሓሳብ ጉባኤ ከይተበገሴ አሓንኪሶሞ:: እማሜ ናይዞም ካብ አሜሪካን ኤውሮጳን ዝመጹ ዘይቅዱስ ክንሱ ብኽመይ ካብ ቅንዕና ዝተበገሰዩ ኢልካ ክንዲ ብጹሕ ውላድካ ትምሕል:: ነስኻ እቲ ጉዳይ አለርጂ ስለዘምጸአልካ ነጺግካዮ:: ግርም ነፍስኻ አውጺእካ ክተብቅዕ ተመሊስካ ናይዞም ዝጠስጠሰ ሓሳብ ሓቂፎም ዝመጹ ከም መሰረታትካ ክትሓቁፎም ስለዝደለኻ ነቲ ሰራም ሓሳቦም ድምር ክትምርዓዎ ሃቂንካ::እሞ ጌጋ የብሉምን እስኻዉኑን ንይምሰሎ ኢኻ ነጺግካዮ ::ዝገደደ እቲ ጉዳይ ቅድሚ ጉባኤ ምእታዉ መንደዓት ሒዝዎ ዝጸንሔ አድሓኖም እቲ ፍሽለት ንመን ሓላፍነት አሸኪምዎ ንተዓዘብ::

እምበኣርከስ፣ እቲ ሓቂ ክነግረካ፣ እዚ ናይ ሰለስተ ውድባት "ሓድነት" መጺኡ ነቲ ኩነታት እንተ ዘይትኩሶ፣ እቲ ናይ ባይቶ ኣኼባ ንኽግበርን ኣብ ባይቶ ሽግራትና ክንፈትሕን፣ ብቐዳምነት ዝጠለብኩ ኣነ እየ። ግን ከኣ፣ እቲ ኩነታት ምስተተኰሰ፣ ኩልና ክንሃድእ እየ ክንሃድእ ጸውዔ ኢልካ::ካልእ ምርጫውን አይነበረካን::እቲሰብን እዝግን ዘይፈትዎ ፋሕ ካብ ኮነ ተመሊካ ክሕፈስ ዘይኮነ እቲ ፋሕ ዘበለ ብህዝቢ ከይጽላእ ናይ አህዳኢ ሮል ክጻወት እቲ ዝተረኽቤ አብ ንቡር ቦትኡ ክምለስ ዘይኮነ ጠመቴኡ ንመጻኢ መደባቱ ባይታ ዘቅነዔ ጥራሕ እዩ::ካብ አፍልጦኻ ወጻኢ:ካብቲ ጉባኤኹም ዝሓንጸጸ እስትራተጂ:ወላ እስኻ አይትካፈሎ ካብኡ ወጻኢ ብሕቡእ ንአኹም ፋሕ ከብል ዝተበጽሔ ስምረት አይነበረን::

ናይ ምህዳእ ሮል ቅድሚ ፋሕ ምባል ቅኑዕ::ድሕሪኡ ዝድለ ሃስውሰው ግን ኩሉ ፈሊጣዊ ሞሳ ይመስል::

ብምግላጽ ርኢቶና ከም ዝምዝገበልና ጌርና ኢና፡፡ ኣብ መስርሕ ክዕረ ደኽእል እዩ ዝብል እምነት እውን ኔሩና፡፡ ብተወሳኺ ንዓይ ከም ሰብ ቅድሚ ሕጂ ካብ ሰልፊ ዲምክራሲ ስለዝወጽእኩ ሕጂ ነቲ ጉዳይ ተሪረ ንምሓዙ ሰብ'ከ እንታይ ክብለኒ ዝብል ናይ ርእሰኻ ምድናን ስምዒት ከምዝነበረኒ ክሓብኣልካ ኣይደልን፡፡ ሓቂ ክነግረካ እቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ስምዒታት ሓድነት 3 ውድባት ተኪስዎ ምባል አይግድን::እቲ ብብጾትካ ዝቀረቤ ደአ ከይከውን እቲ ሓቀንኛ ሰበብ ፋሕ መበሊኹም::እዚኦም ድዮም ኮይንዎም ሓደስቲ መንእሰይ ወለዶ ናብ መሪሕነት ትትምነዮም ዝነበርካ:: እዚሞ እንተኮይኖም ቅኑዓትሞ ነቶም ናይ ቀደም አረገውትና ይሕደገልና ዘብልዩ::በየን አቢልካ ምስከምዝዮም አብ መስርሕ ክዕረ እምነት ነይርካ::ነቲ አለርጂ ንዓኻን ንኤርትራን ዘምጽኡ ክንዲ ትኹንኖም ካብ ቅንዕና ዝተበገሱ ሓንቲ ሐልክታት የብሉምን ክትብል ከለኻ ካብ ክልተኹም: ካባኻን ካብ ብጾትካን ሓደኹም በዚ ጉባኤ ኤህም አይቀንዔን አሎ::አብቲ ባይቶ ውድብኩም ከምቲ ሓሳቦም ፈርቂ ክርስትያን ምምጽኦም አይዓጀቦምን ካብ አቦወንበርነት ንታሕቲ ስለዘይጽገበቶም ምሳኻ አኼባ ድሕሪ 2 መዓልቲ «እቶም ትግርኛ ተዛረብቲ» አይበልናካንዶ ክብሉ ተሰሚዖም::

ተማሂርናሉ ኣለና፡፡ ብተወሳኺ ምዞም ኩሎም ውድባትን ውልቀ ሰባትን ክንዋሳእ ከለና መንእዩ መን ክንፈልጥ ኣኽኢሉና እዩ፡፡ ንሸኻ ባዕልኻ ኩነታት ውድብና ኣብዚ ሰዓት ትርእዮ 'ዶየለኻን፡፡ እቲ ውድብ በሊሑ እምበር ኣይጎደበን፡፡ ሰሲኑ እምበር ኣይነከየን፡፡ እንዳ ፈለጥና ንኣትዎ ዝነበርና ሓደገኛ ፈተነታት ስለዝኾነ ንጣዓሰሉ ጉዳይ ኣይኮነን፡፡

ኣብቲ ቀንዲ ሕቶኻ ክምለስ፣ ዘይዓግበሉን ዘይኣምነሉን እንተኾይኑ፣ ከይብሉኒ ኢለ ዝገድፎ ነገር ከምዘየለ ኣነጺረ ክብርሃልካ እፈቱ፡፡ ሕጂ ውን ዘይዓግበሉ እንተኾይኑ ተጻዊደ ክኸይድ እየ ኢልካ አይትሕለም፡፡

ውሒጅ እናሰሓቅካ ይወስደካ::ውድብ ኣብ 2 ተገሚዑ ከሎ ኣይነከየን::ህዝቢ ኣብ 2 ተገሚዑ ከሎ ሰሲኑ እንበር ኣይጎደመን ምባል ንሞራል ስራዊትካ ንምሕያል ንምልዕዓል እንተኮይኑ ግርም::እሱዩ ኣኺሉ ተሪፍዎ ሓቂ ምባል ግን ኣይዘረባን::ብዝኾነ....

ሃ- ፈቲኻ ዝፈረምካዮ ውዕል ኣብ መንጎ ክትጥንጥኖ ከሎኻ ይቅረታ ክትሓትት ንቡር ነይሩ ከመይ ከምቲዝበልካዮ ፈሊጥካ ስለዝኣቶኻዮ::
ለ- ፈሊጥካ ትገድፎ እንተሊኻ እውን ከም መሪሕ ኣካል ክትጠዓሰሉ ኣለካ ከመይ ከም መሪሕነት ነቲ መሰረታትካ ኣብ ዘይቅኑዕ መገዲ «ብፍላጥ» ስለዝመራሕካዮ::
ሐ- እንተ ነቶም መላፍንትኻሞ ከም ስልቲ ኢኻ ቀሪብካዮም ዘርኢ እንበር ናይ 3 ውድባት ንበይነን ምስማርሲ ተጓዳኢ ኣይነበረን ንባዕሉ:: እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ደስ ዝበሎም መርከቡኹም::
መ- ቀዳማይ ስሕታን ካልኣይ ዕብዳን ካብ ዲ.ፒ ክትፍለ ከሎኻ ናይ ርእስኻ ምድናን ስምዒት ከም ዘሕደርካ ተኣሚንካ ጌና ብሕጂውን ብዝኾነ ይኹን ዘይሰማመዓኒ ማጆሪቲ ተገዚኤ ክኸይድኢየ ኢልኩም ኣይትሕለሙ ክትብለና ከሎኻ ጌና ጉዳይ ሃገርናስ ኣብ ኢድ ወራዙት ከምዘየለ የረድኣና::መዓስዩ ኣድሓኖም ኣብ ሐደ መርገጽ ክጸኒዕ?

ኣብ ኤህም ምስ ዘይፈልጦም ካብ ከድኩ፡ ምስካልኡት ዘይፈልጦም ውድባት ኣብ ፕሮግራም እንተ ደኣ ተሳማሚዕና፡ ከም ሓደገኛ ፈተነ ነዚ ጉዳይ ዘይንኣትወሉ ምኽንያት የለን ዝብል ስነ-ኣእሙራዊ ኩነት እዩ፡ ብህጁም ናብ ሓድነት ሓሙሽተ ውድባት ደሪኹኒ።

ዋና ከሎኻ መንዩ ህጁም ዝደፍኣካ? ብፕሮግራም ምስ ዝቀርቡኻ ዲኻ ትኸይድ ወይስ ግድን ወለድኦም ክትጽብጽብ ኣለካ? ከምኡእንተኮይኑ ኣብ ኤህም ምስ ዘይትፈልጦም ከድካ ዝገደደ ድማ ምስ ዘይትፈልጦም ሓድነት 5 ዉድባት ሐደገኛ ፈተነ ተዋዒልካ::ሕጂኸ ክንደናይ ፈሊጥካዮም ነዞም ሰብ ኪዳን እታ ሰድያ ናይ ኤህም ክወሃበካ ተከራኺር? ነሶም ግን ዘይፈልጡኻ ክንሶም ከም መኸትል ኣቦ-ወንበር ኪዳን ክትኮኖም ኣሚኖምኻ::ኣድሓኖም ደኣ ከመይ ኢሉ ኣብ ዓዲ ዘይፈልጦም ቦታ መክትል ኣቦ መንበር ተቀቢሉ ክጎዓዝ ጸኒሑ? ኣብዚኸ መን ረኸበካ መን ደፊኡ ክትቅበል ገደደካ?

ተ/ጋ ኣድሓኖም፡ መሰረታት፡ ሕጋዊ ስለ ዘይኮነን "ናይ ኮንትሮባንዶ ሓድነት" ስለ ዝኾነን ተቓዊሞሞ። ኣነ ከም ኣቦመንበር ግሃድኤ ዘይፈልጦ፣ ኣባላት ፈጻሚት ቤትጽሕፈትናን ባይቶናን መሰረታትናን ዘይፈልጡዎ ሓድነት ስለዝኾነ፡፡ ብተወሳኺ መሰረታትና እኮ ነቲ ሓድነት ኣይኮነን ተቓዊምዎ፡ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሽግር ከይፈታሕና ናብይ ነብል ኣሎና ዝብል ቁንዕን ተባዕን ሕቶ ኣልዒሎም እዮም ተቓዊሞሞ፡፡
እሶምዮም ጌና እቶም ኣብ ጉባኤ 50ካብ 100 ክስታን ኣስላም ዝብሉ ዝምዓሉ ምስምስ መሰረታትካዩ::ናይ ኮንተረባንዳ ስምረት እዚ ቀቀሊሉዩ ባይቶ ብዓይኒ ሃይማኖት ክመቃቅሉ ዝወጠኑ ካብኦም ካልእ ቁምነገር መን ይጽቤ? ንሓድነት እኮ ኣይተቃወሙን ኢልካ ካብ ኣመኽነኻሎም ስለምንታይ ኣድሓኖም ማዕሬ ናይ ኮንተረባንዳ ዝብል ስያመ ክትህቦ ፈቲንካ?

ብዝወሓደ ወጻኢታት ኣብ ርእስና ተሞርኲስና ቃልስና ከነሰላስል ንኽእል ኢና። እዚ ካባና ተፈልዩ ዘሎ ሸነኽ ውሽጣዊ ዓቕምታቱ ስለ ንፈልጦ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ ዝኽተሎ ዘሎ መስመር እውን ርዱእ ስለ ዝኾነ፡ ናይ ግዜ ሕቶ እዩምበር ኣብ መስርዕ እተን ዝሓቃ ውድባት ክስራዕ እዩ። እዚ ግዝያዊ ውርቕርቕን ብልጭልጭን ነዊሕ ዝስጉም ኣይኮነን። ስለ'ዚ እቲ ኤህም ዝብል ስም ሒዝናዮ ንምቕጻል ብዙሕ ሽግር ኣይክህልዎን እዩ።

በዛ ምሕቃቅ ዝብልዋ ቃል ዝባህረርና ኣሎና::ናይ ረኢቶ ፍልሊይ ምህላው ንቡር ፖለቲካዊ ኣዘራርባዩ እንተ ምሕቃቅ ኢልካ ምዝራብ እሞ ኢ-ፖለቲካዊ ኢ-ዲፕሎማስያዊ ዓይነት ኣዘራርባዩ::ካብ ዝሓቀቃ ውድባት :ትፈልጠን እንተልየን: እንታይ ከሲብና::ብጭቡጥከ እተን ኣብ መስሪዕ ምሕቃቅ ዝተፈርደለን ክንደየን ካብ ኣምጻእካዮ ደርጋሓዮ::ድሓርከ ኣድሓኖም ናቱ ውድብ ምስ መስረተ ንኹለን ውድባት ኣይተርፍ ውልቀ ሰባት ሓሓሊፉ ነኻኺሱ ወዲእዎም ከመይኢሉ ተመሊሱ ምስኦም ክሰሪሕዩ ?ህዝቢ ሎሚ ኣሸንኳይዶ ሐንቲ ዘይበቀለት ውድብ በተን ኣለዋ ዝበሃላ ከማን ርክቡ ከምቲ ዝበልካዮ ጉዳይ «ማይን ዘይትን» ከይኑሉ::ስለዚ ተመሊስካ ትረድኦ እብ መስርዕ ምሕቃቅ ኣይትእቶ::

ተ/ጋ ኣድሓኖም፡ ጥራጣሬታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ብርግጽውን እጥርጥሮ እየ። ንሱን ሰራሕተኛታቱን፡ ካልኦት ንሱ ዘምጽኦም ሰባትን፡ ኣምራጺት ሽማግለ ናይ'ቲ ጉባኤ ኔሮም። ሽዑ ንሽዑ ከመይልካ መጺእካ ኢለ ምስ ሓተትኩዎ፡ ኣብ ኣፉን ዕርበቱን፡ ንዓይ ዓብዶ ዓብደላ ንሸኻ ኣምራጺት ሽማግለ ኢኻ ቶኸውን ምስበለኒ ዝተረዳዳእኩምሉ መሲሉኒ ሓራይ ኢለዮ ኢሉኒ። እቲ

ኣብ ቃለመጠይቅ ዝገበሮ ተወከል ካብ ምቅብባል ቢሮ ወረቀት ሃሊፉ ካልእ ስራሕ ከምዘይነበሮ ኣብሪሁ::ኣስዒቡውን ዝርዝር ኣስማት ናይታ ዝነበረት ኣማራጺት ሽማግለ

አነጺሩ::ልዕሊኩሉ ድማ ብሓደ ሰብ ዝበቑልን ዝጠፍእን ውድብ ወይውን ሓደ ሰብ ኣብ ዝዘምሮ ዝዝወር ውድብ ኢልካ ምጽውዑ የጠራጥር ኢሉ::እቲ ጉዳይ ግን ኣብ ደረጃ ጥርጠራ ብዘይ ሓንቲ ማስረጃ ደው ኢሉ::ስለዚ እቶም ዝኸሱዎ ናቶም ረብሓን ጥቅምን እዩ መርተዖታት ክረኽቡ::እንተዘየለ ጥርጠራ ክሳብ ብጭብጢ ዘይተሰነዩ ኩሉሰብ ንጹህዩ::

**አብ መደምደምታ ዘለኒ ለበዋ ንአንባሳደር አድሓኖም ኮይኑ መሰረታቱ**

- ዓብደላ ስነፍልጠታዊ ትንተና ናይቲ ኣብ ሱዳን ዝተበጽሖ መልሲ ካብ ዘይብሉ ንካስል ክተምርሑ ጊዜኹም ኮነ ጊዜ ካልኦት ምጥፋእ ነይሩ::ብስልቲ ምቅባልኩም ግን ሎሚ ሞራልቲ ሓርበኛ ሸዑ ዝተዓዘበኩም ዝተሓጎሴ ዝዓለለ ሎሚ ንዓኹም ጥራሕ ዘይኮነ ብኹሉ ውድባት አጽሊእዎ::
- አድሓኖም ሓቀኛ ክትከውን ትኽእል::ከይኑ ግን ብቀሊሉ ተቆሪንካ ትኸይድ አይትመስልን::ካብ ዲ.ፒ ብጌግኦም ርሒቀ ኢልካ::ኣብ ኤህም ቅድሚሕጂ ታሪኽም ሰሚዕካዮም ምስ ዘይትፈልጥ ከይኖምኻ ትፍለሎኻ::ኣብ ግሃድኤ እውን ከይዓገብካ ብህጁም ተደፊእካ አቲኻ ብሰላሕታ ከአ ተንሳሕብ አሎኻ ::
- ጉባኤ ዝአክል ብጥርጠራ ብሓደ ሰብ ውድብ ፈሪሱ ክበሃል ዘይ ምኽኑይ ዘረባዩ::ክብርን ተወፋይነትን መሰረታት ኮነ መሪሕነት ብዘየማትእ መምዘኒ ብቅዓት ኩሎም መሪሕ ተራ ዘለዎም ብዘይአፈላላይ ድማ ተተንኪፉ::በዚውን ህዝቢ አይተሓጎሰን::
- እቶም መጀመርያ ካብ ጨንፈር ሽረን ኢ.አበባን አዋጅ ዘውጽኡ ስዒቦምውን ካልኦት ከምዘቃልሕዎ እቲ ሓድነት 3 ውድባት ንበይኖም ካብዝብል ተሓላቅነት ነቂሉ::እቲ ሓቀኛ ምኽኒት ግን ድሒሩዩ መጺኡ::እሱድማ መሪሕነትና ብዘይአፍልጦና ብኢደወነኑ ተሰማሚዑ ዝብል አርኪቡ::
  ኣብመወዳእታ ድማ ባዕልኻ እዚ ናይ ኮንተረባንዳ ሓድነት ብዝብል ስያሜ ንኤህም ከም ዝተኮሶ አረጋጊጽካ:: እቲ ኩነታት ካብ ምንጩ ሓሚሙ ከሎ ኣብ ሓድነት ምጽግዑ ጌጋዩ::እቶም ትማሊ ዝተሓለቅኩምሎም ሎሚ ንሓድነት ግሃድኤ ብአዋጅ ከተባብዑ ይርከቡ «አዋጅ ሃሩን ተዓዘብ» እዚውን እንታይ የረደአና ጠንቂ ፍልልይኩም ሓድነት 3 ውድባት ከምዘይነበሬ ይሕብር::እሱ በይኑ እንተኮይኑ እስከ እዛ ውድብካ ምስዞም 2 ብሄራዊያን ውድባት ስመሩ እሞ እቲ ጌጋ ናብቶም ካልኦት ክነጸግየ:፧
- መወዳእታ

  እቲ ዘቅረቡለይ ሕቶ ከአ ንዓብደላ ኣድም ሲጋብ ክንደይ ትኣምኖ ዝብል እዩ ኔሩ።

አብዚ እቲ ምእማን ንንታይ እዩ አድልዩ አይተነጸረን::ከይከዲዕ?: አሕሊፉ ምስጢር ከይህብ?: ቀደም ዘይትፈልጦ ከይትኸውን ፍጹም አየበርሄን ኣብ እንታይ ዝዓለመ ተአማምነት እዮም ኣብ ሊዕሊ ዓብደላ ክተረጋግጸሎም ቅድሚ ጉባኤ ምእታዉ ዝሓተቱኻ::ብንጹር ተአማምነት አበይ ከም ዘጉደሌ ስለዘይገለጽካዮ : ካብቲ መንቀሊ ሓሳብ መሰረታትካ ብምብጋስ ነታ ቦታ አቦወንበር ይገድፍ ድዩ አይገድፍን ኢሎም ከምዝሓተቱኻ ኢና አሽሪፍናያ:: ሓቂዶ ሓሶት?

ሰላምን ፍትሕን ንሃገርና
ካብ በየነ ጀነቭ